# ትሕዝቶ


ጵቡቕ ክንክን ንኽትረክብ መሰል ኣለካ 1

ኣስገዳዲ ክንክን ብመሰረት LPT 2

ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ 4

ብዛዕባኻ ሓበሬታ ንመን ይወሃብ? 5

ደጋፊ ሰብ ክግበረልካ መሰል ኣለካ 6

ገለ መሰላት ድሩታት ክኾኑ ይኽእሉ 8

ኣስገደድቲ ስጉምትታት 10

ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ 13

ምስ ዘይትዓግብ ወይ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ 14

መዝገበ ቃላትን ኣሕጽሮተ ቃላትን 15

መወከስታት 16


ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦምን ኣስገዳዲ ክንክን ስነ-ኣእምሮ ዝወሃቦ ዘለዉ ሰባት ዝምልከት ፍሉይ ብሮሹር ኣሎ።


እዚ ሕታም እዚ ብሕጊ መሰል ቅዳሕ ዝተሓለወ እዩ። ክትጠቅስ ከለኻ ምንጪ ክግለጽ ኣለዎ። ምስልታት፡ ስእልታትን ፎቶግራፍን ንምብዛሕ፡ ፍቓድ ደራሲ የድሊ።


እዚ ሕታም ብፒዲኤፍ ኣብ መካነ መርበብ ሃገራዊ ቦርድ ጥዕናን ሰብኣዊ ድሕነትን ኣሎ። ጠለብ ምስ ዝህሉ፡ እዚ ሕታም ንኣካለ ስንኩላን ዝኸውን ብኣማራጺ መልክዕ ከነዳልዎ ንኽእል ኢና። ብዛዕባ እዚ ኣማራጺ መልክዕ ሕቶታት ናብ alternativaformat@socialstyrelsen.se ለኣኽ።


ISBN: 978-91-7555-620-8

ቁጽሪ ጽሑፍ፤ 2023-12-8850

ሕትመት፤ Elanders Sverige AB, 6 000 ቅዳሕ ታሕሳስ 2023

ዝተሓትመሉ፡ www.socialstyrelsen.se፡ ታሕሳስ 2023

# ኣስገዳዲ ክንክን ብመሰረት LPT

ብመሰረት LPT ኣስገዳዲ ክንክን ዝውሃበካ እንተ ደኣ ክልተ ዝተፈላለዩ ሓካይም፡ ኣብ'ቲ ሕጊ ኣስገዳዲ ክንክን ስነ-ኣእምሮ(LPT) ብምምርኳስ ክንክን በስገዳዲ ከምዘድልየካ ምስ ዝግምግሙ እዩ።

## ብዘይፍቓደይ ክንክን ክውሃበኒ ዝውስን መን እዩ?

ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሰብ፡ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነታት ከም ዘለኻ ምስ ዝርኢ፡ ክንክን ንኽትረክብ ናብ ክንክን ጥዕና ከም ትኸይድ ይሕግዘካ።ሓደ ሓደ ግዜ ሓገዝ ፖሊስ የድሊ ይኸውን።

ሓኪም ምስ መርመረካን እቶም ሰለስተ ናይ ኣስገዳዲ ክንክን ረቛሒታት ከም ዝተማልኡ ምስ ኣረጋገጸ እቲ ኣስገዳዲ ክንክን ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል። ኣብ እዋን ምርመራ ሓኪም፡ ጸገማትካ ክትገልጽ ዕድል ይውሃበካ እዩ። ብዘይ ድሌትካ ንምንታይ ክንክን ክውሃበካ ከም ዘለዎ እውን ሓበሬታ ድሮ ተዋሂቡካ ክኸውን ኣለዎ። ድሕሪኡ እቲ ሓኪም ናይ ክንክን ምስክር ወረቐት ክጽሕፍ እዩ።

ቅድሚ ኣስገዳዲ ክንክን ምውሳኑ ግን ካልእ ተወሳኺ ሓኪም እዉን መርሚሩ ብመሰረት LPT ክንክን ከምዘድሊ ክግምግምን ኣለዎ።

## እቲ ክንክን ኣብ ክፍሊ ጥዕና ይጅምር

እቲ ኣስገዳዲ ክንክን ኣብ ዝጅምረሉ፡ ን24 ሰዓታት ኣብ ዕጹው ክፍሊ ሕክምና ኢኻ ትኸውን። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ናብ ኽፉት ኣስገዳዲ ክንክን ከተመልክት

ከተመልክት ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት እቲ ሓኪም ዝውስኖ መምርሕታት ክሳብ ዝተኸተልካ ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓታት ኣብ'ቲ ሆስፒታል ክትህሉ ኣየድልየካን እዩ። ንኣብነት ኣብ ሓደ ውሱን ቦታ ክትነብር፡ መድሃኒት ክትወስድ ወይ ኣብ ቴራፒ(ፍወሳ) ክትሳተፍ ክትግደድ ትኽእል ኢኻ።

## ናይ ክንክን ውጥን ክህልወካ ይግባእ።

እቶም ሰራሕተኛታት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝሓጸረ እዋን ብዛዕባ እቲ ክንክንካ ውጥን ከዳልዉ ይግባእ። እንታይ ዓይነት ክንክን ከምዘድልየካን ጥዕናኻ ብኸመይ ተማሒሹ ድሕሪ ደጊም ኣስገዳዲ ክንክን ከምዘየድልየካን እቲ ውጥን ክገልጽ ይግባእ።

## እቲ ኣስገዳዲ ክንክን መዓስ እዩ ዘብቅዕ?

> ዕላማ ኣስገዳዲ ክንክን፡ ብዝተኻእለ መጠን ጽቡቕ ሃሊኻ እቲ ዝወሃበካ ክንክን ብዘይ ምግዳድ ንኽወሃበካ እዩ።

እቲ ሓኪም እቶም ነስገዳዲ ክንክን ዝምልከቱ ሰለስተ ረቛሒታት ይማልኡ ከም ዘለዉ ብቐጻሊ ክግምግም ኣለዎ። ካብቶም ረቛሒታት ሓዴኦም ምስ ዘይማላይ በስገዳዲ ድሕሪ ደጊም ክንክን ክወሃበካ የብሉን።

እቶም ሰለስተ ረቛሒታት ጌና ሕጂ እዉን ይማልኡ እንተለዉ ግን ፡ እቲ ሓኪም ነቲ ናይ ክንክን ግዜ ንኸናውሖ፡ ደንጉዩ እንተ ተባህለ ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰምንቲ ናብ ቤት ፍርዲ (ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ) ከመልክት ኣለዎ። ክንደይ ግዜ ክናዋሕ ከም ዝኽእል ደረት የብሉን።

# ይግባይ ክትብል መሰል ኣለካ

እቲ ዝወሃበካ ክንክን ዝምልከት ውሳነታት ጌጋ እዩ ዝብል እምነት ምስ ዝህልወካ፡ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ኩሉም ውሳነታት ግን ይግባይ ክበሃሉ ኣይክእሉን እዮም።

## እቶም ሰራሕተኛታት ከመይ ጌርካ ይግባይ ከም እትገብር ክነግሩኻ እዮም።

እቶም ሰራሕተኛታት ኣየኖት ውሳነታት ይግባይ ክበሃሉ ከም ዝኽእሉ ክነግሩኻ እዮም። ከመይ ጌርካ ከም ትገብሮን ከመይ ጌርካ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ከም እትጽሕፍን እውን ክነግሩኻ እዮም።

## ሓደ ህዝባዊ ጠበቓ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ንሓደ ውሳነ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ ምስ ትብሎ ምስኡ እዉን ከተቕርብ እንተ ኾይንካ ምስ ሓደ ህዝባዊ ጠበቓ ንኽትራኸብ ክሕግዙኻ እዮም። ንሓደ ውሳነ ናብ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ይግባይ እንተ ኣቕሪብካ፡ ኣብ ይግባይን ምስ ቤት ፍርዲ ኣብ ዝካየዱ ርክባትን ዝሕግዘካ ህዝባዊ ጠበቓ ንኽትራኸብ እውን ሓገዝ ትረክብ። ካብ ህዝባዊ ጠበቓ ሓገዝ ምርካብ ናጻ እዩ።

---

ብመሰረት ውዕል መሰላት ስንኩላን ሕቡራት ሃገራት፡ ህላወ ስንክልና ብዝኾነ ይኹን መገዲ እቲ ስንኩል ናጽነት ንኽሕረሞ ምኽንያት ክኸውን የብሉን። እቲ ሰብ ልክዕ ከም ካልኦት ሰባት ብማዕረ ናጽነትን ውሕስነትን ክረክብን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ወይ ብዘይ ፍቓድ ናጽነቱ ከይምንጠልን መሰል ኣለዎ።

---

